ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ
ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም ቤተክርስትያን
ኣምስተልፌን- ኣምስተልላንድ
ሆላንድ።

Eritrean Orthodox Tewahdo
MedhanieAlem kerk
Amstelveen -Amstelland
Holland.


9 ሚያዝያ 2013 ዓ.ም.ግ.
17 ምያዝያ 2021 ዓ.ም.ፈ.
ደ/ሰ/መ/ኣ/ኣ2013-265

በስመኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ ኣሜን።

ጉዳይ፥ ኣገዳሲ ሓበሬታ፥

ናብ ዝኸበርኩም ኣባላት ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኣምስተፌን-ኣምስተልላንድ

ኣቐዲምና መንፈሳዊ ሰላምትና ነቕርበልኩም። ኣስዒብና ከኣ ኣብ ህይወትኩም ሰላምን ጥዕናን ኣብ ሥራሓትኩም ከኣ ኩሉ ኣሳልጦን ግስጋሰን ንምነየልኩም።

ካብ'ዚ ብምቕጻል ነዚ ዝስዕብ ኣገዳሲን እዋናዊን ሓበሬታ ንልእከልኩም ኣሎና፥

ኣብ'ዚ ዝመጽእ መዓልታት ሕማማትን በዓላት ፋሲካን ዘሎና መደብ ብዝምልከት፡ እዚ ዝስዕብ መልእኽቲን መደባትን ከነቕርብ እንከሎና፡ ኩሉ-ሓደ ነቲ ዘሎ መንግሥታዊን ናይ ቤተክርስትያን መምርሒን ከኽብሮ ብዕዙዝ ነተሓሳስብ።

ቤተክርስትያን ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኣምስተልፌን-ኣምስተልላንድ፡ ኣብ'ዘን ዝስዕባ ኣገደስቲ ዕለታት ዘለዎ ኣገልግሎት ከም'ዚ ዝስዕብ ኢዩ፥

1- ካብ ሰኑይ ዕለት 26 ሚያዝያ 2021 ክሳብ ረቡዕ 28 ሚያዝያ 2021፡ ካብ ሰዓት 12:00 ክሳብ 17:00

2- ሓሙስ 29 ሚያዝያ 2021 (ሓሙስ ጽግቦ ቅዳሴ ኣሎ)፡ ካብ ሰዓት 12:00 ክሳብ 18:00

3- ዓርቢ ስቕለት ዕለት 30 ሚያዝያ 2021፡ ካብ ሰዓት 12:00 ክሳብ 18:00

4- ፋሲካ/ትንሣኤ ዕለት 2 ግንቦት 2021 ኢዩ (ካብ ቀዳም 1 ግንቦት ሰዓት 20:00 ክሳብ 3:00 (ሰንበት ወጋሕታ)

## ኣስተብህል/መተሓሳሰቢ፥

1- ፋሲካ ከነብዕል እንከሎና፡ ነቶም ከም'ቲ ልሙድ ኣሠራርሓና ተመዝጊቦም ናብ ቤተክርስትያን ዝመጹ ክንሕብሮም እንደሊ፡ እቲ ናይ ሕላፍ ሰዓት ብመንግስቲ እንድሕር ዘይተላዒሉ፡ ፍርቂ-ለይቲ ወይ ሰዓት 3፡00 ወጋሕታ (ሰንበት) ናብ ገዛኹም ክትምለሱ ስለ ዘይትኽእሉ፡ ኣብ ቤተክርስትያን ክሳብ ዝወግሕ (ምንቅስቓስ ክሳብ ዝፍቀድ) ክትሓድሩ ምዃንኩም ኣቐዲምና ነፍልጥ።

2- ሕላፍ ሰዓት ብመንግሥቲ እንተተላዒሉ ግን፡ ሰብ ኣብ ዝደለዮ ጊዜ ናብ ገዝኡ ክኸይድ ይኽእል ኢዩ።

3- ኩሉ እቲ ኣገልግሎታት ብYoutube ከምኡ ከኣ ብFacebook ክመሓላለፍ ኢዩ። ስለ'ዚ እቲ ዘይተመዝገበ ሰብ ኣብ ገዝኡ ኰይኑ ክከታተሎ ከም ዝኽእል ከነገንዘበኩም ንደሊ።

ብርሃነ ትንሣኤኡ ብሰላምን ብጥዕናን የብጽሓና።

ምስ መንፈሳዊ ሰላምታ

እግዚኣብሔር ኣምላኽና ሃገርና ኤርትራን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቅድስቲ ቢተክርስትያንናን ይባርኽልናን ይዓቅበልናን

*ሰበኻ ጉባኤ ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም፥ Het Kerkelijk bestuur van Debreselam Medhanie Alem*


Email: debreselammedhaniealem@gmail.com፡ Website: www.debreselam-medhaniealem.com
**Amstelveenseweg-965, 1081 JG Amsterdam Nederland**